

**መልቀስ**
**ንመምህር ተኸስተ ሃብተ**

**ብዓል ዓዲ ያቕነ፡ መራጉዝ፡ ሰራየ**!!!!!
ወየ!!!ወየ!!!!!ወየ!!!!
ወየ!!!!ኣነ!!!!!ወየ!!!!ኣነ!!!!ወየ!!!ኣነ!!!
ለባም ናይ ለባማት መምህር መይቱ
መምህር ተኸስተ ወረጃ! ሎሚ ሞይቱ
ክስዕመካ ኸሎ ብኽልተ ምዕጉርቱ
ኣንታ እዚ ሃገርና ብዙሕ ተዘሚቱ
ንስኻ ዘይብሉስ!!! ዓለም!!ከንቱ መንቱ።

መምህር ሽምዓ!!መብራህቲ፡ ሃገርና
ሊቅ! ነርካ፡ ከም መጽሓፍ ብራና
ወዲ እዞም ሓገግቲ፡ ለባማት፡ ዓደቦና
መምህር ኣለኻ እናተባሃልካስ፡ ቀዲምካና
ንስኻ ብቖጸራኻ፡ ንሕናን! ብገርህና።

ወየ!!!!!!!ወየ!!!!!!!ወየ!!!!!!
መምህር ተኸስተ ወዲ ባሻይ ሃብተ
ቀልቀል ዓዲ ያቕነ ኮይኑ ዝጠመተ
ኣንጊሁ ዝተማህረ፡ ንፍልጠት ዝዘመተ
ወዲ መንበር፡ ወዲ ሕጊ፡ ብንእሱ ዝሰረተ
ትሕትናን፡ ልቦናን፡ ልግስን ዝተቐነተ
ንስኻ ዘይብሉ ሃገረና ደጊሙ!! ተዘምተ።

ወየ!!!!!ወየ!!!!!ወየ!!!!!!
መምህር ተኸስተ ለባም ካብ ዓደቦ
ክእለትካን፡ ትዕግስትኻን መንከ! ተረከቦ
ሽምዓ ብርሃን፡ ንኹሉ ብሰፊሕ ዘዝንቦ
ዓቢ እምባ! መዋዳድርቲ ዘይርከቦ

ዓቢ ዳዕሮ! ዘጽላል፡ ንባይቶ ዓዶቦ
እሩም ኣንደበቱ፡ መዓር ወለላ! ኣጅቦ!።

ወየ!!!!ወየ!!!!!ወየ!!!!!
ወዮ ቀብርኻ ዓዶቦ ሰሚያምዶ!!
ዘዕበኻዮም ተመሃሮ ኣፋነውኻዶ
ወዮም ዓዲ ሕይስ መጺኦምዶ
ማይላሓም መራጉዝ ፈሊጦምዶ
ተማሃሮ ሳንጆርጆ ቀቢሮምዶ
ደቂ ኣድከም ምልጋእ ተዓጢቖምዶ
ግርማ ዓዶቦና! ካን!! ተሳናቢትካናዶ!።

ሓወይዶ!! ክብለካ ወይስ ዓቢ ኣያይ
ኣብ ኩሉ ዝውለድ ላዕላይ ኮነ ታሕታይ
ኣብ ዝባን ውዒሉ ዝሓድር ጻዕዳ ቓላይ
ወዲ ርእሲ ሃይማኖት!ብበቕሊ ሰጋራይ
ብዓል ጉልቲ፡ ብዓል ርስቲ፡ ዘርኢ ስርናይ።

ውላድ ናይ መራጉዝ ዕባይ ዓድኺላ
ጻዕዳጣፍ ትሓፍስ እንኮላይ ማሽላ
ቆፋፉ እንዳ ኣቦኻ ኩላ መሊኣላ።

ወየ!!!!!!!ወየ!!!!!!ወየ!!!!!!
መምህር ሽምዓ፡ ወዲ ሓሙሽተ ገምበር
ጊሓት፡ ጊሓት ከም ንህቢ! ዝብርበር
ወዮ! ልቦናኻ ደጋጊምካ ተዝምርመር
ልውሃትካን፡ ቅንዕናኻን፡ ዘይርከቦ ኣበር
ሓረጉ ምስ በለ፡ ኣይበለን ጠምበርበር
ወዲዘን ወዘራዝር ዓንገልቲ ናይ ሃገር
ፈቃር ብምኺኑ ሽሻዩ ይኹመር
ከድካ እምበኣር ዘይትርከብ ማህደር።

ኣንታ ሽምዓ መምህር ኣኺሉ ስዓትካ
ንሕና እንተንኽውን ብዙሕ መጽናሕናካ
ዘይኽውን ኮይኑ ፈጣሪ ካብ ጸዋዑካ
ሻምበል ዑቕባሚካኤል ስዒብካዮ! ዓርክኻ
መንግስተ ሰማይ ይከፈት ኣብ ቅድሜኻ
መላእኽቲ ኣኽቲቱ ክርስቶስ ይቀበልካ።

ወዘሮ ሓረጉ ደርቢ ቅናትኪ
ሽምዓ እዩ፡ ሽሙ!! ብርሃን ናይ ሃገርኪ
ጽንዓት ይሃብኩም ምስ ኩሎም ስድራኺ።

ተኻፋሊ ሓዘን
ሃይለ ገብረትንሳኤ፡ ዘብሄረ ሰራየ!!!!!

ኢንድያናፖሊስ ኢንድያና 16 መጋቢት 2017